ንካልኣይ ግዜ ዝወፀ ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ አብ 2017 ዓም በጀት ዓመት ዝተፈላለየ ፈርኒቸር : ናይ መኪና ጎማ : መፀባበቂ ኣቅሑት ብብርኪ ክልል ትግራይ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ መጋቢት 18, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 1, 2017 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 1, 2017 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

1 በቲ ዘፈር ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲን ዋናን ቅዳሕን ከቅርብ ዝክእል

2 ናይ ግብሪ ከፋሊ መለለይ ቁፅሪ ማለት ቲን ናምበር ዋናን ቅዳሕን ከቅርብ ዝክእል

3 ተወሳኪ እሴት ታክስ ማለት እዉን ቫት ምዝገባ ሰርተፈኪት ናይ 2017 ዓም ናይ ወርሒ መጋቢት ሒሳብ ዘወራረደሉ ዋናን ቅዳሕን ከቅርብ ዝክእል

4 በቲ ዘፈር ናይ መቅረባይነት ዝተመዝገበንናይ ዘበኑ ዝተሐደሰ ወረቀት ምስክር ዋናን ቅዳሕነ ከቅርብ ዝክእል

5 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ንብረት ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ስራሕ መዓልቲ ቀዳምን ሰንበትን ካልኦት ባዓለት ሐዊሱ ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲ ብናይ ባዕሎም መጎዓዝያ ናብ ቢሮ ክፍሊ ዕቀባ ብዝተሐተተ ፅሬት መጠን ከቅርብ ዝክእል

6 ናይ መወዳደሪ ሰነድ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉን ናይቲ ትካል ሽምን ፊርማን ኣደራሻን ማህተምን ፊርማን ዘለዎ ክከዉን ይግባእ

7 ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ሰነድ ጨረታ ኣብ ዉሽጢ 2 ምድብ ንዘለዉ ዝርዝር ንብረት ንነብስወከፍ ዘይምለስ 100 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ዳይሬክቶሪት ዕደጋ ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 317 ምዉሳድ ይከኣል

8 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዉሕስና መከበሪ ሰነድ ጨረታ ፈርኒቸር : ናይ መኪና ጎማ : መፀባበቂ ኣቅሑት ኣብ ክልቲኡ 5000 ቅርሺ ብሸም ቢሮ ፍትሕ ክልል ትግራይ ብስፒኦ ወይድማ ብግዜ ዘይተገደበ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ወይድማ ብጥረ ገንዘብ ናብ ዝተዳለወ ናብ ቢሮና ተሓዚ ገንዘብ ወይድማ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቅርብ ዝክእል ካብዚ ወፃኢ እቲ ዝቀርብ መከበሪ ጨረታ ካብቲ ዝተሐተተ ናይ ገንዘብ መጠን ዘትሓዘ ብዘይ ምንም ቅድመ ኮኑት ከብ ጨረታ ይሰረዝ

9 እቲ ጨረታ ሰነድ ዝሸየጠሉ ካብ17/7/2017 ዓም ክሳብ 1/8/2017 ዓም ኮይኑ 1/8/2017 ዓም ልክዕ ሰዓት 8:00 ድሕሪ ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 8:30 ኣብ ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ዳይሬክቶሪት ዕደጋ ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 317 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክበሉ ይክፈት

10 እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ናይቲ ዝዕደግ መጠን ክሳብ 20 ሚእታዊ ክዉሰከ ወይ ክቅንስ ይክእል እዩ

11 ሰዓራይ ነቲ ዘቅርቦ ንብረት ብባዕል ሞያ ተፈቲሹ ትክክለኛ ምኮኑ ተረጋገፂ ጥራሕ ኣታዊ ይግበር

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 እቲ ቢሮ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ 0344408714

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle